# ኮነታት ሃገርና ትማልን ሎምን ጽባሕን

## ቃለ-ምሕታት ምስ ኣቶ ሃብተማርያም ኣብርሃ

(ዝተኣረመ 9ይ ክፋል) ለንደን 06 ታሕሳስ 2009 ዓ.ም.

**ሕቶ**: እቶም ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኣብ ወጻኢን ዘለው ካህናትን ድያቆናትንከ: ነቲ ምእሳር ፓትርያርክ ዓገብዶ ኣይብሉዎን'ዮም?

**መልሲ፡** ሓደ ሰብ ብዘይ ርእሲ ህይወት የብሉን። ማለት ክሳዱ ኣንተድኣ ተቘሪጹ ክነብር ኣይክእልን'ዩ። ኢሰያስ መንፈሳዊ መራሒ ሃይማኖት ኦርቶዶክስ ኤርትራ እኳ'ዩ ሓይሩን ኣሲሩን ዘሎ። ካብ'ዚ ዝኸፍእ እከይን ነውርን ተግባር ድኣ ኣንታ'ዩ ክፍጽም። ሎሚ'ኳ ኢሰያስ ባዕሉ ኣብ ቤተ ክርስትያን ኣትዩ ምቕዳስ ጥራይ እዩ ተሪፉዎ ዘሎ። እዞም ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብኢሰያስ ዝተወደቡ ኣብ ወጻኢ ተዋፊሮም ግዕዙይ ፈስቲቫል ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ክባርኹ ዝውዕሉን: ሞባእ ኣኪቦም ንኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ዘረክቡን: ንስሙ መልክዕ ካህናት ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን ዝለበሱን: ግንከኣ ካብ መንፈሳዊ እምነት ኣንጊሆም ዘላገሱ'ዮም። ኣብ ክንዲ ከም ሃዋርያት ክርስቶስ ኮይኖም ንቤት ኣምላኽ እናኣገልገሉ: ነቲ ምሕያር ፓትሪያርክ ኣብ መንግስታት ዓለም እናዞሩ ዘጋልጹዎ: ሰለልቲ ሃዋርያት ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ኣምለኽቲ ኢሰያስን ምዃን መሪጾም ኣለው።ፓትሪያርክ ዝኣኽሉ ተሓይሮም እናርኣዩ ዓገብ ዘይብሉ ካህናት ድኣ ካብ ፓትሪያርክ ንላዕሊ ንኢሰያስ ይምእዘዙ ኣለው ማለት ኣንድ'ዩ። እዞም ኣብ ወጻኢ ዘለው ካህናትን ድያቆናትን ዝብሃሉ: ኢሰያስ መሬት ኣንዳማቶም ኣናኣማስሑምን ደሞዝ እናኸፈሎምን: ኣብ ክንዲ ንመንፈስን ንነብስን ዝሓስቡን ንኣምላኽ ዘምልኹን ንኢሰያስ ከምልኹ ከለው: እዚኦም በላዕቲ ክልተ ስጋ ዝኾኑ ኣገልገልቲ ኢሰያስ'ዮም። እቶም ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘለው ካህናትን ድያቆናትን ግና: ኩሎም ኣይኮኑን ስዓብቲ ኢሰያስ። ነቶም ማእለያ ዘይብሎም ኢሰያስ ኣዋፊሩዎም ዘሎ ሰለልቲ ውሻጠን ኣብያተ መቕደስን ከይፈርሑ'ዮም ዝቃወሙ ዘለው። ስለዝቃወሙ ዘለው ከኣ'ዮም ዝእሰሩን ዝግፈፉን ዘለው። ካብ ፓትርያርክ ጀሚሮም ክሳብ ካህናትን ድያቆናትን ስለዝተቓወሙ ደይኮኑን ቤት ማእሰርቲ ኮይኑ ዘሎ ገዝኦም። ኢሰያስ ድኣ'ሞ ብዓቢኦም ንፓትሪያርክ ክኣስር ዘይሓነኸ: ንብዙሓት ካህናትን ዲያቆናትን ምእሳር እንታይ ከሕንኾ። ቅድሚ ንፓትሪያርክ ምእሳሩ: ንካህናት ክኣስር ምስጀመረ: እቶም ብጹእ ወቅዱስ ፓትሪያርክ ብትብዓት: “ካህናት ኣሲርካ ኣሎኻ ፍትሓዮም: ኣዚ ስራሕካ ኣይኮነን መንፈሳዊ ስራሕ ስለዝኾነ ንዓይ ዝምልከትዩ“: ምስበሉዎ ደይኮነን ንፓትሪያርክ ደፊሩ ዝሓየሮም። ኢሰያስ ሎሚ ሰብኣዊ መስልን ክብርን ዋጋን ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ግሂሱ: ኣብ ልዕሊ ካህናትን ድያቆናትን'ውን ዘይተኣደነ ግፍዒታት እንድዩ ዝፍጽም ዘሎ። እቶም “ንሃይማኖትና ክንስየፍ ኢና“ ኢሎም ነቲ ምእሳር ፓትርያርክ ንኸቃወሙ ዝተበገሱ ካህናት ድማ: ኣርዮሳዊ ዝኾነ ስለላ ኢሰያስ ስለዝቐደሞም: ቃልሶም ከምቲ ዝድለ ከይተዓወተ ውሽጡ-ሕሩር ኮይኖም እናረገሙ ይነብሩ ኣለው።

**ሕቶ**: ኩሎም ድዮም'ሞ ከዲያምን ምስ ኢሰያስ ኮይኖምን ዘለው: ካልኦት ካህናት ወይ ድያቆናትከ ዘይከድዑ የለውንድ'ዮም?

**መልሲ፡** ኩሎምስ ኣይከድዑን። ስለላ ኢሰያስ በርቲዑዎም'ምበር ኣብ ውሽጢ ኤርትራስ ብዙሓት'ዮም ዝቃወሙ። ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ብዙሓት ጠላማት ካህናት: ንመብዝሕትኦም መዓርግ ኲረኔላት ሸይሙ ብጸልማት: ኣንጻር'ቶም ሓርበኛታት ስለዘዋፈረሎም: ንብዙሓት ካህናት ብስለላ ድሂሉ ኣብ ክንዲ ንቤት ኣምላኽ ኣገልገልቲ ኢሰያስ ከምዝኾኑ ለዊጡዎም ኣሎ። ንኻልኦት ካህናት ከኣ ኣብ ኣብያተ-ማሕቡስ ክዳጕኖም ከሎ፣ ንድያቆናት ድማ ካብ ገዳማትን ኣድባራትን ኣናገፈፈ: ኣብቲ እንስሳ-ዘግዳም ዝነብሩሉ በረኻታት ዘሪዑዎም ኣሎ። ንግፍዕታትን ጭቈናን ኢሰያስ በብሓደ ዘርዚርካ ክትዛረበሉ ኣዝዩ ዘሕንኽ'ዩ። ስለዚ ድማ ኩሎም ካህናት ከዲያም ኣገልገልቲ ኢሰያስ ጥራይ ኮይኖም ክብሃል ኣይክኣልን'ዩ: ዝቃውሙ ከምዘለው ግን ክርሳዕ የብሉን።ሎሚ ኩሉ ሰብ በጺሑዎ ከምዘሎ: ጭፍራ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ንህዝቢ ኤርትራ ብክቱር ስለላዊ መርበብ: ንግርህነቱን እምነቱን መዝሚዙ: ክቃወም ክጅምር ከሎ'ዩ ቀዲሙዎ ዝጸንሖ ዘሎ። ኢሰያስ ነዚ እከይ ኣመል'ዚ ገና ህዝቢ ኤርትራ ብገርሁ ከሎ'ዩ: ኣብ ውሽጢ ሜዳ ኤርትራ ከሎ መደብን ሕንጻጽን ኣውጺኡሉ ጸኒሑ። ሎሚ ድማ በብሓደ የተግብሮ ኣሎ። ስለዚ እቶም ኣብ ኤርትራ ዝነብሩ ዘለው ካህናትስ ኩሎም ኣይከድዑን ንተግባር ኢሰያስ ድማ ኩሎም ኣይኮኑን ዝድግፉዎ።

*ሕቶ:* **ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድኣ ኢሰያስ ንተዋህዶ ሃይማኖት ኣማዕቢሉዎ እንድ'ዩ ዝብሃል። ነዚ'ኸ ብኸመይ ትገልጹዎ?**

*መልሲ:* **ነዚ "መንግስትና ንሃይማኖት ተዋህዶ የማዕብል ኣሎ" ዝብል ጽውጽዋይ ዕላል ንኽትሰምዖ ኣዝዩ ዘጸይፍ'ዩ። ንድያቆናትን ካህናትን ገፊፉ ንሳዋ ዝዘርዕ መንግስትስ ንተዋህዶ ሃይማኖት ኣማዕቢሉዋ ክብሃል ሃየንታዶ ኣይኮነን። እዞም ንተዋህዶ ሃይማኖት ኣማዕቢሉዋ እናበሉ ፕሮፓጋንዳ ዝነፍሑ ዘለው ሰባት: ንባዕሎም ካብ'ቲ ቅዱስ ሃይማኖታዊ እምነት ዝበተኹ ጣኦታውያን ሰለይቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ጥራይ እዮም። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝገብሮ ዘሎ ነውሪ ከይኣኽሎ ዶይኮነን: ኣብ ወጻኢ ሃገራት ኣዋፊሩ ድያብሎሳዊ ስራሕ ዘስርሖም ዘሎ። ነተን ካህናትን ሊቀ ካህናትን ዘፍረያ ቀኑዱሳት ገዳማትን ኣድባራትን: በቶም መስቀል ኣብ ኢዶም ቆቡዕ ድማ ኣብ ርእሶም ኣትሒዞ ብምውፋር ኣርኪስወን ዘሎ ሰብሲ: ንተዋህዶ ሃይማኖት ኣማዕቢሉዋ ክብሃል መርገምዶ ኣይኮነን። ካብ'ዚ ዝኸፍእ ርኽሰትን ገበንሲ እንታይ እዩ'ሞ ክመጽእ። ሓደ መዓልቲ ግን ኣብ ኤርትራ ፍትሓዊ መንግስቲ ምስተተክኤ: ብህዝብን ብሲኖዶስን ብግቡእ ዝተሓርዩ መንፈሳዊ ፓትሪያርክ ወዲ-ሃገር ምስተቐብኡን: ብፍላይ ኣዞም ኣብ ወጻኢ ዘለው ዓሳኽር ኢሰያስ ተወጊዝኩም ኢኹም መስቀልኩምን ልብስኹም ኣረክቡ ከምዝብሃሉ ግና ኣይጠራጠርን'የ። ስለምንታይከ ነዚ ኹሉ እከይ ግብሪ'ዚ ይፍጽም ኣሎ ንዝብል ሕቶ ግና፣ "እዚ-ሰብዚ" ተጸሊሉ ወይ ዓቢዱ ኣይኮነን። ኣንታይ ድኣ ልኡኽ <u>ባዕዳዊ-ገዛኢ</u> ኮይኑ: መልእኽቲ ዓሰብቱን ወደብቱን ከም ቀዳማይ መደብ ዕዮኡ ወሲዱ: ንትሕተ ቅርጻ ሃይማኖትን ባህልን ህዝቢ ኤርትራ ብመደብ መንቀኑሱ: ኣብ መወዳእታ ግን ነታ ሃገር ንባዕዳውያን ኣሕሊፉ ንምሃብ ጥራይ እዩ። ብዙሓት ንፖለቲካዊ መስርሕ ኤርትራ ዝከታተሉ ግዱሳት ተማራመርቲ: እዚ-ሰብ'ዚ ዘካይዶ ዘሎ "ዓሻ መሲልካ ድራሮም ወድኣሎም" ዝመስል እከይ ውዲት: ብመደብ ስዉራት ሓይልታት የካይዶ ከምዘሎ ድሮ ተገንዚበሞ'ዮም።**

*ሕቶ:* **እሰያስ ኣብ ልዕሊ ተዋህዶ ሃይምኖት ዝፈጸሞም ገበናት ርኢና: ኣብ ልዕሊ ሃይማኖት ምስልምና'ኸ እንታይ ዓይነት ገበናት ፈጺሙ?**

*መልሲ:* **ብወገን ምስልምና ኣምነት ኣንተኾነ'ውን: ኢሰያስ ኣብ ልዕሊቲ ንቡር እምነትን ኣገባብን ምስልምና ሃይምኖት ብዙሕ ጸይቅታት ኣክይዱ'ዩ። ከምቲ ሃይማኖት ምስልምና ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ካልኦት ምስልምና ዝኣምና ሃገራት ዓለም ዝፈቕዶ ስነስርዓት ምስልምና: ዝኾነ ይኹን ኣስላማይ ንጉስ ይኹን ኣሚር: ሸኽ ይኹን ውልቀ-ሰብ ምስ ዝመውት: ረሳኡ ከይውዓለ ከይሓደረ'ዩ ሓመድ ኣዳም ዝለብስ። ኢሰያስ ግን ኣብ ኤርትራ ነቲ ጉዳይ ሃይማኖት ምስልምና ይኹን ክርስትና ነጻ ከይገድፎ: ካልእ ስራሕ ስለዘይብሉ ኣብ ውሽጡ ሰሊኹ ደፊሩዎን ኣነዊሩዎን'ዩ። ንኣብነት ካብ'ቲ ብዙሕ ኢሰያስ ንሃይምኖት ምስልምና ኮነ ኢሉ ዘባላሸዎን ዘነወሮን ንምጥቃስ:- ሬሳ ወጻኢ ጉዳይ ነበር ዓሊ ሰይድን: ሬሳ መሓመድ ስዒድ ባረን ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ሳንዱቕ ዓጽዩዎ ድሕሪ ምቕናይ: ብካህናት ክርስትያን ተፈቲሑ ከምዝተቐብረ ኩሉ ሰብ ተዓዚቡዎ'ዩ። ሬሳ ኣማሓዳሪ ሃብቲ ዓሳ ነበር ሳሊሕ መኪ እንተኾነውን: ካብቲ ሕግን ስርዓትን ምስልምና ሃይማኖት ዘፍቅዶ ወጻኢ: ብትእዛዝ ኢሰያስ ዓርቢ ዝዓረፈ ንሰኑይ ድሕሪ ኣርባዕተ መዓልቲ ኣብ ሳንዱቕ ተዓጽዩ ምቕናይ: ብካህናትን በቲ ኣቡን ኢሰያስን ነፍታሌምን ዲሜጥሮስ ዝኾነ ብሃሌ-ሉያን ብመሳቕልን ተፈቲሑን ተቐቢሩ'ዩ። እዚ ተግባራት'ዚ ድማ ኢሰያስ ብመደብ: ነቲ መስል ምስልምና የባላሽዎን የነውሮን ከምዘሎ ዘብርህ ርጉጽ መረዳእታ'ዩ። ካልእ'ውን ንእምነት ምስልምና ዝጻባእ ኩሎም ኣስላም ዝፈልጡዎ: ኢሰያስ ብመደብ ንሃይማኖት ምስልማና ብዙሕ ኣባላሽዩዎን ኣነዊሩዎን'ዩ። ነዚ ግን እቶም ኣስላም ባዕሎም ብትብዓት ክምክትዎ መሰሎም ስለዝኾነ ኣብኡም እግደፎ። ብዝተረፈ ግና እሰያስ ኣብ ልዕሊ ሃይምኖት ክርስትና ጥራይ ዘይኮነ: ኣብ ልዕሊ ሃይማኖት ምስልምና'ውን ዝፍጽሞም ዘሎ ገበናት ማእለያ የብሎምን።**

*ሕቶ፡* **እዚ ኣብ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ረቂቕ ዘመተ: "<u>ጸሊም ኮሎንያል መግዛእቲ</u>": ንኢሰያስ ድማ "<u>ጸሊም ጣልያን</u>" ኢልካዶ ክጽዋዕ ይክኣል ይመስለኩም?**

*መልሲ:* **ብርግጽ "እዚ-ሰብዚ" ብሓቂ "ጸሊም-ጣልያን" ጥራይ ዘይኮነስ: ጸሊም-ድያብሎስ ኣንተተባህለ'ውን ዝግብኦ ስም'ዩ። ንዝመራመርን ንዘስተውዕልን ሰብ እኮ: ኮሎንያል ጣልያን**

ክፍጽሞ መዲቡዎ ዝነበረ ፕሮጀክት: ሃይለስላሴ ዝቐጸሎ መግዛእትን ሎሚ ኢሰያስ ቀጺሉ የተግብሮ ከምዘሎ ክርዳእ ይኽእል'ዩ። ዓላማ ኮሎንያል ጣልያን ጥራይ ዘይኮነስ: ሎሚ'ሞ ከኣ ኢሰያስ ንሕልሚ ግሎባል ገበቲ ቍጠባ ዝኾና ሃገራት ንኸተግብር: ጸራግ መንገደን ኮይኑ'ዩ ዘገልግሎም ዘሎ ልኡኽ'ዩ።

**ሕቶ:** ኣንታይ ድኣ'ዩ'ሞ ዝግበሮ? ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ዚ ጸሊም-ጣልያን ዝካየዶ ዘሎ ሕሱም መግዝእቲ'ሽ ብኸመይ እዩ ክገላገልን ሓራ ክወጽእን ዝኽእል?

**መልሲ:** ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ፈላሊኻ ግዛእ ዝብል: ኢሰያስ ኣብ ውሽጡ ነዚሑሉ ዘሎ መርዚ ብሓባር ኣለልዩ: ንመንነቱን ንልዑላውነት ሃገሩን ከም ቀዳምይ መደብ ዕዮ ወሲዱን: ግዳማውያንን ውሽጣውያንን ጸላእቱ ፈሊጡን: ብውህደት ሓደ ዳስ ሃገራዊ ዋዕላ ሃኒጹ: ብትብዓት ንውዲታት ኢሰያስ ክብድሆ ምስ ዝበቕዕ ጥራይ እዩ: ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ዚ ጸሊም-ጣልያን ዝካየዶ ዘሎ ሕሱም መግዝእቲ ሓራ ክወጽእ ዝኽእል።

**ሕቶ:** እሞ መን'ዩ ነዚ ዳስ ሃገራዊ ዋዕላ ንኽህነጽ ንኹሉ ብሃገሩ ዝግደስ ኤርትራዊ መጸዋዕታ ገይሩ ዘራኽቦ ? መዓስከ ክኸውን'ዩ?

**መልሲ:** ክሳብ ሎሚ እቲ ልቓንሳ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ: ብኢደ ወነን እተን ካብ 20 ዘይውሕዳ "ተቓወምቲ ኢና" ዝብላ ውድባት'ዩ ተገቢቱን ተሃጊሩን ጸኒሑ። ክሳብ ሎሚ ድማ ነቲ ሃገራዊ ዋዕላ ዝብሃል ክሽቅጣሉ'ምበር ኣብ ግብሪ ከውዕልኦ ከቶ ኣይተራእያን። ኣብ'ዚ ዘለናዮ እዋን ግና እቲ ውዲተን ከምዝፈሸለን: መድረኹ ከምዘብቅዐን ይርኤ'ሎ። እቶም ብኤርትራውነቶም ዝኾርዑን: ቅኑዕ ፍታሕ ህዝቢ ኤርትራ ዝሓልሙን ዝትምነዩን: ብሃገሮም ከኣ እናስተንተኑ ድቃስ ዝስእኑ ዘለው: ካብ ውድባዊ ጸግዕታት ነጻ ዝኾኑን: ኣብ ውድባት ዘለው ንጹሃት መሰረታውያን ኤርትራውያንን ግና: ካብ ኤርትራን ሱዳንን ኢትዮጵያን ወጻኢ ዝኾነ ነጻ ሃገር ተራኺቦም: ዝዛተይሉ መድርኽ እናተቓረበ ይመጽእ ኣሎ። <u>እታ ኤርትራ ንኹሉ ወዲ ሃገር ማዕረ ስለትብጽሖ: ኩሎም ደቂ ሃገር ተስፋ ከይቔረጹን ብምዕንዳር ኢሰያስንን: ብሓሸውየ መራሕቲ ውድባት ኢና ብሃልቲ ከይተዳህሉን: ነቲ መተካእታ ዘይብሉን ህዝብና ድማ ካብ ምፍራስ ፈደረሽን ኣትሒዙ ዝጽበዮን ዝብህጎን ዝነበረን ዘሎን: ዳስ ሃገራዊ ዋዕላ ከምዝሃንጹ ኣይጠራጠርን'የ</u>።

**ሕቶ:** ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያን መንግስቲ ሱዳንን: ከምኡ'ውን በቶም ንሱዳንን ንኢትዮጵያን ዝመላለሱ መራሕቲ ውድባት ኢና ዝብሉ ኤርትራውያን ዝመጽእ ለውጢ'ኸ የልቦንድ'ዩ ?

**መልሲ:** ከምዚ ሎሚ ዝካየድ ዘሎ ኣገባብ ኣንተድኣ ቀጺሉ: ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ይኹን ብወገን መንግስቲ ሱዳንን: ከምኡ'ውን በዞም ንሱዳንን ንኢትዮጵያን ዝመላለሱ መራሕቲ ውድባት ኢና ዝብሉ ኤርትራውያን ዝመጽእ ለውጢ ኣይክህሉን'ዩ። ንስልጣን ኣኢሰያስ ግን ከናውሕ ይኻል። ሃይለስላሴ በቲ እዋኑ ዋርድያታትን ልኣኽትን ስለዝነበሩዎ: ን40 ዓመታ ዝኣክል ንኢትዮጵያ ገዚኡዋ'ዩ። ብሰንኪ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ብሓርበኛታት ኢትዮጵያውያንን ግን ተሳዒሩ።መግዛእቲ ኮለኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ድማ ተተኪኡ። ኮለኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ድማ ሓለውትን ልኣኽትን ስለዝነበሩዎ: ን17 ዓመታት ንኢትዮጵያ ክገዝኣ ካኢሉ'ዩ። ተባዕን ጅግናን ህዝቢ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያውያን ተቓወምትን: ምስ ውድብ ወያኔን ተላፊኑ ግና ካብ መንበሩ ኣልቂቑዎ። ሎሚ ከኣ ኢሰያስ በቶም ዓሰብቱን ልኣኽቱን ተመልሚሉን ተማዒዱን: መቐጸልታ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ኮይኑ: እኩብ ድማር መግዛእቲ ኮሎንያል ገዛእቲ ብብሓደ የተግብር ኣሎ። ንኢሰያስ ዝዓግቶ ሓይሊ ኣንተዘይረኺቡ: ከምዚ ዘካይዶ ዘሎ ብልሹው ስለላዊ ወፍሪ ኣንተድኣ ቀጺሉ: ብፍላይ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ድማ ንህዝቢ ትግራይን ኢትዮጵያን ኣዝዩ ዘስግእ'ዩ። እዚ ድማ ኢሰያስ ካብ ሳሕል ጀሚሩ ዝተዋፈረሉ ውዲታዊ ወፍሪ ምኻኑ: እዞም ሎሚ ኣብ ስልጣን ዘለው መራሕቲ ኢትዮጵያ ኣጸቢቖም ይፈልጡዎ'ዮም።ኢሰያስ ነስመራ ምስቶም ማእሊያ ዘይብሎም ሰለይቲ ኮራኹሩ እንዳኣዋፈረ ንርብዒ ዘመን ዝኣክል ንህዝብና ገና የሳቕዮ ከምዘሎ'ውን ዘይፈልጡዎ ኣይኮኑን።ንህዝቢ ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነስ ንህዝቢ ሶማል ከይተረፈ'ውን ይሃስዮ ከምዘሎ ድማ: ንኹሉ ዂነታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝከታተል ሰብ ርዱእ'ዩ።

ስለዚ እዚ ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ መንግስቲ: ብፍላይ ኣብ ኤርትራን እቲዮጵያን ብሓፈሻ ድማ ኣብ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃን: ሰላምን ቅሳነትን ክሰፍን እንተድኣ ዝደሊ ኮይኑ: ኣብ ጐድኒ ህዝቢ ኤርትራ ደው ኢሉ: ንኢሰያስ ካብ'ዚ ተዋፊሩሉ ዘሎ እከይ ወፍሪ ክዕግቶ ኣለዎ። ብኣንጻሩ ግን

ነቶም ኣቦይን ኣደይን በበይኑ ጸሎቶም ዝኾኑ “መራሕቲ ውድባት ኢና“ ብሃልቲ: እሞ ሓንሳብ “ምሕዝነት ሓንሳብ ኪዳን“ ዝብል ኣስማት እናቀያየሩ: ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኮይኖም “ሸግር ህዝቢ ኤርትራ ብሰላማዊ ቃልሲ’ዩ ዝፍታሕ“ እናበሉ ንህዝቢ ንኸይቃለስ ክቃለሱ ዝጸንሑ ክሕግዙዎም ጸኒሖም’ዮም። ሎሚ ድማ ሕሉፍ ሓሊፎም ምስቶም ኣብ ኣስመራ ዝነበሩን ኣብ ስልጣን ዝፈሸሉን: ብጾቶም ዘእሰሩን: ንብጾቶም ድማ ብምንታይ መኽንያት ከምተኣስሩ ክሳብ ሎሚ ዘይነገሩሎምን ዘይዝክሩዎምን ሰበ-ስልጣን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ነበር ይግዙዎም ኣለው። ነቶም “ኤርትራ ንዓና ጥራይ ስለትብጽሓና: ንኤርትራ ኣይትኣትዉን ኢኹም“ ተባሂሎም ብገዝእ ሃገሮም ንዓዶም ንኸይኣትዉ ኣብ ወጻኢ ተኾኒኖም ዝጸንሑ ውድብ ተ.ሓ.ኤ.: ንኢሰያስ ጥይት ኣይትተኩሱ እናበሉ ከስድዑዎም ዝጸንሑን: ተጸንቢሮም እንተኾይኑሎም ኣብ ኢሰያስ ንኽስልሙ ላዕልን ታሕትን እንዳበሉ ከለው ይሕግዙዎም ኣለው። እዚ ሓገ’ዚ ግና ሸግር ኤርትራ ንኸይውዳእ ዝሕግዝን ንስልጣን ኢሰያስ መናውሕን እንተዘይኮይኑ: ንህዝቢ ኤርትራ ዝጠቅም ሓገዝ ኣይኮነን። ስቓይ ህዝቢ ኤርትራ ክውዳእን ዕድመ ስልጣን ኢሰያስ ክሓጽርን ኣንተድኣ ደልዮም ግና: ከምቲ ህዝባዊ ሰራዊ ኤርትራን ህዝባዊ ሰራዊት ትግራይን ብሓባር ተላፊኑ ንመንግስቱ ሃይለማርያም ዝሰጐጎ: ሎሚ’ውን ምስቶም ብሓቂ ንኢሰያስ ዝቃወሙ ሓርበኛታት ኤርትራውያን ተሓባቢሮም ንህዝቢ ኤርትራ ክሕግዙዎ’ዮም ዝግብኦም። ካብኡ ሓሊፉ ሓጥያት ኢሰያስ እናጸባጸብካ ምውርዛይ: ንጽገም ህዝቢ ኤርትራ መፍትሒ ክኾኖ ኣይክእል’ንዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ግና ነቲ ካብ ኢሰያስ ሃዲሙ ዝወጽእ ዘሎ መንእሰይ ሰራዊት ኤርትራ: ነጻ ኮይኑ ክውደብን ክዕጠቕን እንተዝሕግዞ: ኣብቲ ዶባት ኤርትራን ትግራይን ዓሪዱ ንመሰሉ ክቃለስ ምኽኣለ ነይሩ። ነቶም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኮፍ ኢሎም ዘለው ምቕላብ ግን: ንኢሰያስ ምሕጋዝ ጥራይ እዩ። ስለዚ ብፍላይ ንድሕነት ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን: ብሓፈሻ ድማ ንድሕነት ህዝቢ ኢትዮጵያን ክብሉ: መራሕቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ቅኑዕ ሓገዞም ንህዝቢ ኤርትራ ከበርክቱ እጽውዕ።

***ኣቶ ሃብተማርያም ኣብርሃ***
***ለንደን 06 ታሕሳስ 2009 ዓ.ም.***

**ይ ቕ ጽ ል ======>**